الحركة الشعبية الإرترية

**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**

**Eritrean People's Movement**

## <u>ደምዳሚ ኣዋጅ ጊዘያዊ ማእከላይ ሽማግለ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ</u>

ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ነቲ ናይ ሃታ ሃታ ሓድነት ምስ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራሲን ኣቦ ወንበር ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣድሓኖም ገብረማርያም ካብ ፍርቂ ንላዕ ሊ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ገለ ውሑዳት መሰረታትን ክድግፍዎ ከለዉ፣ ካብ ፍርቂ ንታሕቲ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ዳርጋ ኩሉ ክበሃል ዝከኣል መሰረታትን ከኣ ከም ዘይደገፍዎ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ናይ 2009 ተከታቲልኩሞ ኣለኩም፡፡

ንኹሉ ብትዕግስቲ ዘካየድናዮ ሕጋውን ቅዋማውን ርእይቶታትን ሓሳባትን ብኣቦመንበርን ውሑዳት ሰዓብቱን ኣብ ክንዲ ሕጋዊን ቅዋማውን መፍትሒ ዝግበረሉ እንደገና ጌጋታት ብምድጋም ነቲ ኣብ መጀመርያ 2008 ዓ.ም ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ውድብ ዝተመርጸ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ብዘይ ጉባኤ ሰሪዝካ ጉባኤ ዘሰከመካ ናይ ኣቦመንበርነት ስልጣን ተጠቒምካ እንደገና ብዘይ ጉባኤ ይሰምዑኒ ኢዮም ትብሎም ሰባት ብግሊ ረቝሕካን ኣምጺእካን ነቶም ሕጋውያን ኣብ ጉባኤ ዝተመርጹ ናይ ምትካእ ስጉምቲ ተወሲዱን ተተግቢሩ ።

መታን ግዝኣተ ሕጊ ኩሉ ጊዜ ብዓመጽቲ ተረጊጹ ከይተርፍ ኢልና ዝተበገስናሉ ቃልሲ ብብጾትና ኣብ ልዕሌና እውን ክፍጸም ብግብሪ ስለ ንርእዮ ዘሎና ቃልስና ክንቅጽል ከምዘሎና ብመትከል ኣሚናሉ ፡ ስለዝኾነ ነቲ ዘይሕጋዊ ኣጋባብ ብሕጋዊ ኣጋባብ ንምቅላሱን ቅዋማውን ሕጋውን ኣሳራርሓ ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝኾነን እቲ ሕጋዊ መሰሉ ብውሑዳት ዝተሓድገ ኣካል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ብዕለት 23-01-2010 ተራኺቡ ነቲ ብትዕግስቲ ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልሲ ሕጂውን ክቕጽሎ ከምዘለዎ ብድጋሚ ወሲኑ ። ክሳብ ጉባኤ ጌሩ ቀወምቲ መራሕቱ ዝመርጽ ድማ ካብ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለው ነቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዘይቅዋማውን ዘይሕጋውን ጉዕዞ ዝተቓወሙ ኣባላቱ 11 ጊዝያዊ መሪሕነት ብምምራጽ ነብሱ ሰሪዑ ምስ ኩሉ ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ሕጋውን ቅዋማውን መትከላት ረጊጹ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ዝተበገሰ በዚ ኣዋጅ እዚ ይገልጽ ።

ዝኽሪ ንሰማእታት
ግዝኣተ ሕጊ ይንገስ!
ጥሪ 23 ፡ 2010